# ዕውት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ኮፐንሃገን

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኮፐንሃገን ከባቢኣን፡ ቀዳም 24 ሕዳር ዕዉት ኣኼባ መኸተ ኣቃኒዮም።

እቲ ብኣባላት መንእሰያት ህግደፍ፡ ብባንዴራታትን ጭርሖታትን ዝማዕረገ ኣዳራሽ፡ ልክዕ ሰዓት ክልተ ድሕሪ-ቀትሪ፡ ንተሳተፍቲ ክፉት ኮይኑ። ተሳተፍቲ ብሓያል ወንን ዕቱብ ሃገራዊ መንፈስን በቦትኦም ምስ ሓዙ፡ ኣባል ግዚያዊት ሽማግለ መኸተ ኣቶ ማሕሙድ ዓንፈራ፡ ኣኼባ ንምጅማር ኣቓልቦ ተሳተፍቲ ኪወሃቦ ሓቲቱ።

ኣቶ ማሕሙድ፡ ንኹሉ ተሳታፋይ መልእኽቲ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምቕራብ፡ “ሎሚ፡ ተኣኻኺብና ዘሎና፡ ከም ኣብ ብዙሕ እዋናት ቅድሚ ሕጂ፡ ንመኸተ’ዩ” ኢሉ። “ንሕና ኤርትራውያን፡ ናይ ዘመን መመላእታ ታሪኽ ቃልሲ ንሰላምን መኸተ ንመሰልን ንልለ ህዝቢ ኢና። ጸላእትና፡ ጥፍኣትና ኪብህጉ፡ ንሕና ንመሰልና ኪንቃለስ ዕጫና ኾይኑ ኣሎ፡ ብዘይ ምምካት ካልእ ኣማራጺ የብልናን”፡ ዝበለ ኣቶ ማሕሙድ፡ “መኸተና መንነትና’ዩ፡ ከም ኣካል ዓለማዊ ምንቅስቓስ ህዝባዊ መኸተ፡ ንሕና ኤርትራውያን ተቐማጦ ኮፐንሃገንን ከባቢኣን ድምጽና ከነስምዕ ሎሚ ተኣኻኺብና ኣሎና”፡ ኢሉ። ኣስዒቡ ናይቲ ዕለት መደብ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንህልዊ ኩነታት ሃገር ከባቢን ኣመልኪቶም መግለጺ ከቕርቡ፡ ንኣቶ ዳኒኤል ገዛኢ ቆንስል ሃገረ ኤርትራን ንኣቶ ቴድሮስ ጐይትኦም ንመድረኽ ዓዲምዎም።

ኣቶ ዳኒኤል፡ ንህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። ኣብ መግለጺኡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቀዳምነቱ ሰሪዑ ዝዓመሞን ዝዓሞ ዘሎ ስርሓትን ዝተኸተሎ ፖሊሲን ኣብ መወዳእታ ንሙሉእ ፖሎቲካዊ ናጽነት፡ ማሕበራዊ ፍትሕን ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣብዚ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ድሕሪ ብይን ዶብ፡ ምእንቲ ሰላማዊ ፍታሕ፡ ከቢድ ጾር ተሸኪምና ሓለፉ ተጸገምናን ተጸሚምናን ከምዝሕለፍናዮ ብምብራህ፡ “ምርጫና ወርትግ ሰላምን’ዩ፡ ምእንቲ ሰላም ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ሚክሮ-ካልኢት ክንጽዕት ኢና”፡ ዝበለ ኣቶ ዳኒኤል፡ ልኡላውነትናን መሰልናን ረጊጹ ኪወርር ዝመጸ ግን ሙሉእ መሰል ርእሰ ምኽልኻል ከም ዘሎና ኣስሚሩ።

ቀጺሉ፡ ም/ሓላፊ ቤ/ጽ ህግደፍ ኣቶ ቴድሮስ ጐይትኦም፡ ንታሪኽን ንጥፈታትን መኸተ፡ ኣመልኪቱ መብርሂ ሂቡ። መኸተና፡ ነቲ ኣብ ልዕሌና ዝእለምን ዝፈሓስን ዘሎ ውዲት-ዡናት ንምፍሻልን፡ ከኔው’ዚ ኩነተ-ዡናት ብምምዕዳው፡ ነቲ እንሃንጾ ነባሪ ሰላም ዘጣመረ ኪኸውን ከምዝግባእ ገሊጹ። ሓይልና ጥርናፈናን ኮማዊ ውዳበናን ምዃኑ ድሕሪ ምዝካር፡ ሓያል ኤርትራዊ ኮም ኣብ ዲያስፖራ ድርዒ ሃገርና ኤርትራ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ከም ኣካል መደብ ምንቅስቓስ መኸተ፡ ምሕያል ኮማዊ ጥርናፈን ውዳበታት መንእሰያትን ደቀኣንስትዮን፡ ማእከላይ ቦታ ኪወሃቦ ኣዘኻኺሩ። ኣብ መዛዘሚ መደረኡ፡ “ሳሕል” ካብ እትብል መጽሓፍ “ሕሩይ ግጥምታት ቃልሲ” ሰለሙን ጸሃየ፡ ብምፍንጫል፡

“ኩሉ’ቲ ንኤርትራ ሃገረይ ናተይ ዝብላ
ጸባ ጡባ ሰትዩ ክንዲ ሰብ ዝኣኸለላ፡
ዕማም ይጽበዮ’ሎ ክሰርሓላ ብግዲኡ
“ዓደይ እንታይ ክገብረላ!” ይበል ሕልናኡ፤
ናይ ሓይለ’ቦኡ መዚዙ ሎሚ ዘይሳተፍ
ከም ዘግደዐ ይፍለጥ ይተሓቕ ይሰከፍ” ክብል ነቢቡ።

ድሕሪ ዝቐረበ መግለጺታት፡ ተሳተፍቲ ዝተፈላለየ ሕቶታትን ርእይቶን ኣቕሪቦም፡ ግቡእ መልሲ ተዋሂብዎም። ኣብቲ ዝሰዓበ ዘተን ርእይቶን፡ ድልዉነቶም ንመኸተን ምክልኻል ሃገርን ኣረጋጊጾም።

ኣብ መደምደምታ፡ ተሳተፍቲ ንህልዊ ኩነታት ብጉቡእ ድሕሪ ምዝታይ፡ መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን ዘካይድዎ ዘለዉ ልምዓታዊ ስርሓት ብወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ብምምጋስን፡ መንግስትና ሰላምን ምርግጋእን ዞባና ኪረጋገጽ ዘካይዶ ጻዕርታት ዚድግፍን፡ ነጋሪት ሾናት ወያነ ብሓያል መኸተና ከምዝፈሽል ብምእማን፡ ሙሉእ ደገፍ ንሃገርና ብምርግጋጽን፡ ካብኦም ዝሕተት ዘበለ ንምፍጻም ዘረጋግጽ ውሳነ፡ ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቖም።

ዓወት ንሓፋሽ!
ሓ/ዕማም ህዝባዊ ርክባት